ብሮሹር ሓበሬታ
ንተጠቀምትን ንቤተሰቦምን ዚኸውን ሓበሬታ

# ኤለክትሮኒካዊ መፍትሕ እንታይ እዩ፧



# ኤለክትሮኒካዊ መፍትሕ

ኤለክትሮኒካዊ መፍትሕ ነቲ ልሙድ ዓይነት ሳንዱቕ መፍትሕ ተኪኡ ኣብ ማዕጾ ገዛና ዝግጠም ኰይኑ ብኢድ ዝተሓዘ መፍትሕ ዘይብሉ ዲጂታላዊ መፍትሕ እዩ። እቶም ኣብ ገዛ መጺኦም ሓገዝ ዝገብሩ ስራሕተኛታት ወይ ካልኦት ስራሕተኛታት ኮሙነ ድማ በቲ ኣብ ናይ ኮሙነ ተሌፎን ዝጸዓን ኣፕሊኬሽን ገይሮም ክኸፍትዎ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ኣብ ናይ ኮሙነ ተሌፎን ዝጸዓን መፍትሕ ኣብ ውሱን ግዜያት ጥራይ እዩ ነቲ ገዛ ክኸፍት ዝኽእል። እቲ መፍትሕ ኣብ ሞባይል እተጻዕነ ስለ ዝኾነ፡ ክጠፍእ፡ ክሰረቕ ወይ ክቕዳሕ ኣይክእልን እዩ።

ንስኻን ቤተሰብካ ብርግጽ ነቲ ንቡር መፍትሕካ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ኤለክትሮኒካዊ መፍትሕ ኣብ ውሽጢ እቲ ማዕጾ እተገጥመ ስለ ዝኾነ ካብ ደገ ኣይክረአን እዩ።

እቲ ኤለክትሮኒካዊ መፍትሕ ኣብ ማዕጾኻ ምስ ዝግጠም፡ ነቶም ኣብ ገዛ መጺኦም ሓገዝ ዝገብሩልካ ስራሕተኛታት ማዕጾኻ ክትከፍተሎም ኣብ ዘይትኽእለሉ እዋን ብዘይ ጸገም ሓገዝ ክትረክብ የኽእለካ እዩ።

እቲ ናይ ገዛ ምብጻሕ ዝገብሩ ስራሕተኛታት ዝገብሩልካ ኩሉ ምብጻሕ ብኤሌክትሮኒካዊ ኣገባብ ተመዝጊቡ ስለ ዝቕመጥ፡ ጽሬቱ ዝሓለወ ኣገልግሎት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።






ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ኮሙነኻ ምስ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና ተራኸብ።

**ቪድዮ - ኤለክትሮኒካዊ መፍትሕ**
ነዚ QR ኮድ ብተሌፎንካ ስካን ብምግባር፡ ነቲ «ኤለክትሮኒካዊ መፍትሕ» ዘርእሰቱ ቪድዮ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

**ማእከል ህጹጽ ምላሽ - ነቲ ናይ ህጹጽ ግዜ ጸውዒትካ ዝቕበል**
ነዚ QR ኮድ ስካን ብምግባር፡ ነቲ ብዛዕባ ማእከል ህጹጽ ምላሽ ዝገልጽ ቪድዮ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

Responssenteret
– alltid i nærheten